## ጸባ ጡብ ኣደ ንቆልዓ ብኸመይ ይሕግዞ?

ንህጻን ውላድኪ ዕብየቱ/ታ ብጽቡቕ ንኽቕጽል ይሕግዝ፡ እዚ ባህርያዊ ምዕባሌ ስለዝኾነ ! ልግዔን ዝስዕብ ጸባ ጡብን ኩሉ ነቲ ንዕብየትን ንምክላኸልን ዝኾኑ መሰረታውያን ባእታታት ዝሓዘ፥ ብግቡእ ዓቀን ዝተመስርሐን ተፈጥራዊ ምግቢ ኢዩ። ከም ኣደ ንፍትዉ ውላድኪ እቲ ዝበለጸ መግቢ ከምኡ'ውን ንመከላኸሊ ንክከውን ከተቕርብዮ ትኽእሊ ጸባ ጡብ ኢዩ።

ኣብ ምዕባለ ሓንጎል ህጻን ብ32% ቀልጢፉ ከምዝድንፍዕ ይገብር፡ ንምዕባለ ምዝካር፡ ኣፍ ምኽፋት ፡ምሕሳብ ዓቕሙን/ና ሓበሬታ ምቕባል የቀላጥፍ።


ንሕማማት መንሽሮ ወይ ካንሰር ንሃንደበታዊ ሞት ህጻን

ጸባ ጡብ ብምዝውታር ብ10 ዕጽፊ ዝሓዘ ቪታሚናዊ ትሕዝቶኡ መኣዛ ዘቕርብ እዕንቱ/ታ ንምርኣይ የቀላጥፍ፡

ካብ ረኽሲ ከበሮ እዝኒ ይከላኸልን ንምስማዕ ይሕግዝ፡

ጸባ ጡብ ኣደ ዘዘውትሩ ህጻናት ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ከም ነድሪ ሳንቡእን ናይ ምስትንፋስ ሽግራትን ብዕጽፊ ከምዝሕይልን ከምኡ'ውን ምስቶም ጸባ ታኒካ (formula milk) ዝጥቀሙ ኪወዳደሩ ከለዉ ዝወሓደ ረኽሲ ከምዝረኣዮም (ብ74% ዝወሓደ) ይፍለጥ።

ተጋ`ዳእቲ ባክተርያ ወይ ቫይረስ ኣብ መዓናጡ ንኸይድንፍዑ ይከላኸል፡ ካብ ውጽኢትን ምቕራጽ ከስዔ ብ64% ይቕንስን፡



ከም ኣደ ዕሸልኪ (ናጽላኺ) ኣብ ማህጸንኪ ብግቡእ ኣዕቢኺ፡ ድህሪ ህርስ ጻባ ጡብኪ ከም መቐጸልታ ንህጻን ውላድኪ ኣብ ምዕባይን ምክልኻልን ዓቢ ተራ ይጻወት ኣሎ።

ባህርያዊ ዝኾነ ጻባ ጡብኪ ካብ ጻባ ታኒካ ብዝተዓጻጸፈን ዝበለጸን ውሕስነት ዘለዎን ከምዝኾነ ፍለጢ ን ተጠቐምሉን፡

ንጻባ ጡብ ዝወዳደር የልቦን!

Guelph Paediatricians




እዚ ትምህርታዊ ጽሑፍ ብሓገዝ መንግስቲ ኣንታርዮን ምትህግጋዝን ናይ Best Start Resource Center At Health Nexus And Jacqueline A Sanvido, RN, BScN Best Start Project Lead Guelph General Hospital. Hospital, ዝተዳለወ ኢዩ።

Graphic design provided by Auburn Larose at Wellington-Dufferin-Guelph Public Health.

# ምጥባው

## ቆልዓኻ ንከዓቢ ምሕጋዝ

